ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስ ወረዳ ደጎዓ ተምቤን ኣብ በጀት 2009 ዓም ንዝተፈላለዩ አብያተ ዕዩ መንግስቲ ዝጥቀምሉ ናይ ፅሬት አቅሑት : ናይ ሕትመት ስራሕቲ : ፈርኒቸር ኣቁሑት ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ ጥቅምቲ 16, 2009 (ልዕሊ 10 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥቅምቲ 27, 2009 6:00 ደ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:3000
- ቦታ:ደጎዓ ተምቤን
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:30
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥቅምቲ 27, 2009 6:00 ደ/ሰዓት
- መደብ: ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ናይ ቢሮ ፈርኒቸር/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/ ናይ ሕትመት ስራሕቲ/

1 በቲ መስመር ሕጋዊ ንግዲ ፍቃድ ዘለኩምን ዘሐደስኩምን

2 ብመቅረባይነት ዝተመዝገብኩምን ንተወሳኬ እሴት ታክስ ዝተመዝገብኩምን ናይ ዝሐለፈ ወርሒ ሒሳብ ዘቅረብኩምሉ መረዳእታ ክተቅርቡ እትክእሉ

3 ኣብቲ ጨረታ ንምስታፍ ንኩሉ በቲ መስመር ዝወፀ ሕጋዊ ንግዲ ክፍቲ ኮይኑ Â ኣብቲ ጨረታ ብግልፂ ፅሑፍ ክረዳዳእ ዝክእል ወይ ከዓ እትክእል

4 ተጫረቲ ዝመልእዎ ዋጋ ንተወሳኪ እሴት ታክስ ዝሐወሰ ክከዉን አለዎ

5 መክበሪ ጨረታ ንሕድሕድ ሎት 3000 ቅርሺ ሕጋዊ ዝኮነ ባንኪ ኣፍልጦ ካብ ዘለዎ ብስፒኦ መልክዕ ወይ ብጥረ ገንዘብ ከትሕዝ ዝክእል

6 ንኩሎም ዓይነት ጨረታ ካብ ዕለት 12/2/2009 ዓም ክሳብ 26/2/2009 ዓ/ም ንሕድሕድ ሎት ዘይምለስ 30 ቅርሺ ብምክፋል ካብ ከይዲ ስራሕ ዕደጋን ፋይናንስን ንብረት ምምሕዳርንÂ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ወረዳ ደጎዓ ተምቤን ክትወስዱ እትክእሉ

7 ናይ ሕድሕድ ሰነድ ዋናን ቅዳሕን ብክልተ ፖስታ ብሸምዒ ተዓሺጉ ከቅርብ ዝክእል ወይ እትክእል

8 ፐሮፎርማንስ ቢንድ መከበሪ አፈፃፅማ ስራሕ 10 ሚአታዊ ናይቲ ዝሰዓርዎ ድምር ዋጋ ከትሕዝ ዝክእል

9 ነቲ ንብረት ብናይ ባዕሎም መፅዓንን መራገፍን ከጎዓዝ ዝክእሉ

9 እቲ ጨረታ 27/2/2009 ዓም ሰዓት 4:00 ተዓፅዩ ብተመሳሳሊ ዕለት ሰዓት 4:30 ተጫረቲ ወይድማ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረከብሉ ኣብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ወረዳ ደጎዓ ተምቤ ከይዲ ስራሕ ዕደጋን ፋይናንስን ንብረት ምምሕዳርንÂ ሃገረ ሰላም ይክፈት

10 ኣብቲ ጨረታ ዝኮነ ዜጋ መፁኡ ክዕዘብ ይክእል እዩ

11 እቲ ቤት ፅሕፈት ዝሓሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብክፋል ይኩን ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ንተወሳኪ ሐበሬታ 0343390402 ወይ ከዓ 0343390012 ወይ ከዓ በአካል ቀሪብካ ምሕታት ይከኣል

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle